18 መስከረም 2023

ዓመተ-ትምህርቲ 2023-24፡ መሳጢ ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ። ኣብ ኣብያተ-ትምህርትን ኮምን DeKalb County School District (*DCSD*) ብምጕዓዝ ጽምዶ ኣብ ዘካይደሉ ግዜ፡ ብዛዕባ'ቲ ዘምጽኣናዮ ውጽኢታት ከምኡውን ንተማሃሮና፡ ስድራቤታትን ሰራሕተኛታትን ንምድጋፍ እንጕዓዞ ዘሎና ጕዕዞን ብዚምልከት ዘየወላውል ሓበንን ባህታን ይስምዓኒ።

እተን ኣብዚ ቀረባ እዋን መረጋገጺ H-PRIDE ዝረኸባ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣየኖት ምዃነን ብምሕባር ክጅምር፥ Barack H. Obama Elementary Magnet School of Technology፡ Columbia Elementary, Montgomery Elementary፡ Chapel Hill Middle, Champion Middle, Chamblee Middle ከምኡውን Chamblee High School። እዘን ብሉጻት ዝኾና ጕጅለ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ነተን ብቝጽሪ እናዓበያ ዝመጻ ዘለዋ ንመትከላት H-PRIDE፥ *ሰብኣውነት፡ ምያውነት፡ ኣኽብሮት፡ ቅንዕና፡ ክብሪ* ከምኡውን *ስኒት* ብተወፋይነት ዘኽብራ ኣብያተ-ትምህርቲ ተጸንቢረን ኣለዋ። እዚ ክብርታት፡ ኣብቶም ዘለውና መራሕቲ ኣውራጃ፡ ኣማሓደርቲ ቤት ትምህርቲ፡ ተማሃሮን ሰራሕተኛታትን ብምትብባዕ፡ ሓያል ጥምረት ከምዚህሉን ኣብ ኲሉ ነገር ድማ ኣዝዩ ዓቢ ዓወት ከምዚመጽእን ንገብር።

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዝነበረ ኣኼባ ቦርድ፡ ኣሰልጣኒ Southwest DeKalb High School ዝኾነ Bob Mullen፡ ናይ 2023 ብሉጽ ኣሰልጣኒ መስመርን ጐልጐልን ናይ ኣወዳት ካልኣይ ደረጃ (Boy's High School Track and Field Coach of the Year) ኮይኑ ተመሪጹን ኣፍልጦ ረኺቡን። እዚ ብማሕበር ኣሰልጠንቲ መስመርን ሜዳን በረኻ-ኣቛራጭን ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ (US Track and Field and Cross-Country Coaches Association) ዝተቐረበ ሽልማት፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ጋንታኡ ዘምጽኣቶ ነጥቢ፡ ኣብ ተማሃሮ-ኣትሌታት እወታዊ ጽልዋ ንምምጻእ ንዘርኣዮ ናይ መሪሕነት ዓቕምን ተወፋይነትን ንኣሰልጣኒ Mullen ተዋሂቡ። እዚ ክረኽቦ ዝግብኦ ክብሪ ብምርካቡ፡ ንኣሰልጣኒ Mullen እንቛዕ ኣሐጐሰካ ንብል!

ካብ ልቢ ዝተላዕለ ናይ ዮሃና መልእኽቲ ድማ ንኣብያተ-ትምህርቲ መባእታ Avondale, Austin፡ Dunaire, International Community፡ Leadership Prep፡ McLendon፡ Montgomery, Museum፡ Oak Grove ከምኡውን Vanderlynነብጽሓለን። እዘን ኣብያተ-ትምህርቲ'ዚኤን፡ ስለቲ ኣብ ንባብን ጽሕፈትን ዘምጽኣኦ ብሉጽ ውጽኢት፡ ኣርማ መራሕቲ ንባብን ጽሕፈትን (Literacy Leaders)፡ ብState Superintendent, Richard Woodsተዋሂብወን።

እቶም ዘለዉና ብሉጻት መምሃራን፡ መራሕቲ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ወለዲ፡ ኣባላት ቦርድ ቤት ትምህርትን ብቐንዱ ድማ ተማሃሮና ብዘርኣይዎ ሓያል ጻዕርን ተወፋይነትን ኣዚና ሕቡናት ኢና። እዚ ኣፍልጦ'ዚ፡ ኣብ ኣብያተ-ትምህርትና ሓያል ባህሊ ንባብን ጽሕፈትን ንኸህሉ ኣብ ምትብባዕ ናይ ዝገበርዎ ተወፋይነት ምስክር እዩ። ስለቲ ዚገብርዎ ቀጻሊ ደገፍ ድማ ንኣባላት ቦርድ ትምህርቲ ክፍለ-ሃገር (State Board of Education)፡ ኣባላት ባይቶን ወከልቶምን ነመስግኖም።

ንባብን ጽሕፈትን፡ ውልቀሰባት ርእሶም ከምዚኽእሉ ዚገብርን ደገታት'ቲ መወዳእታ ዘይብሉ ዕድላት ዚኸፍተሎምን ኣገዳሲ ክእለት እዩ። ንባብን ጽሕፈትን ብምትብባዕ ኣብዘን ኣብያተ-ትምህርቲ መባእታ ዝተረኽበ ውጽኢታት፡ ብሓቂ ዚንኣድን ክብሪ ኪውሃቦ ድማ ዚግብኦን እዩ። ተማሃሮና፡ ፍቕሪ ንባብን ኣብ ኣካዳሚ ድማ ንኺዕወቱ ዘድልዮም ኣገዳሲ ክእለታትን ንኸማዕብሉ ኣብ ምሕጋዝ ዘይሕለል ጻዕርታት ኣብ ምግባር ንዝተሳተፉ ኲሎም ድማ ነመስግኖም።

ደጊመ ድማ ስለቲ ከም መራሕቲ ንባብን ጽሕፈትን መጠን ክረኽባኦ ዝግብኤን ኣፍልጦ ዝረኸባ ኣብያተ-ትምህርቲ መባእታ vondale፡ Austin፡ Dunaire፡ International Community፡ Leadership Prep፡ McLendon፡ Montgomery፡ Museum፡ Oak Grove ከምኡውን Vanderlyn፡ እንቛዕ ኣሐጐሰክን እብለን። ከምዚኤን ዝኣመሰላ ፍሉያት ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ ኣውራጃና ብምህላወን ክብሪ ይስምዓና፣ ንብሉጽነት ንባብን ጽሕፈትን ኣብ ምትርናዕ ድማ ቀጻሊ ዓወት ንኸነምጽእ ብሃንቀውታ ንጽበ።

ስለቲ ንኣውራጃ ዝለገስዎ ናይ $1.2 ሚልዮን ወፈያ ድማ ንCity of Stonecrest ከምኡውን Mayor Jazzmin Cobble ፍሉይ "ምስጋና" ይኹኖም። እዚ ምወላታት፡ ንኹሉ ዜካተተ ኣገዳሲ ኣገልግሎታት ነተን ኣብ ውሽጢ Stonecrest city ዝርከባ 12 ኣብያተ-ትምህርቲ DCSD ንምሃብ ዚውዕል እዩ፣ እዚ ድማ እቶም ብኮቪድ-19 ዝተጸልዉ ሰባት ብዛዕባ ገዛእ-ርእሶም ኣፍልጦ

ኪህልዎምን ካብ ወጥሪ ድማ ናጻ ንኺኾኑን ምትብባዕ ዚገብረሎም መደባት ምስትንታን *"Zen Dens"* ምድላው ዜጠቓልል እዩ። እዚ ብሉጽ ዚኾነ ተበግሶ፡ ኣብ ኮምና ብዘይጥርጥር እወታዊ ጽልዋ ኬምጽእ እዩ።

DCSD፡ ብዛዕባ ኮቪድ-19 ኣብ ዚዛረበሉ እዋን፡ ነቲ ኣብ Dekalb Countyን ከባቢኣ ኣብ ዘለዋ ኣውራጃታትን ንዘጋጥም ሕማማት ብቐረባ ዚከታተል ምዃኑ ብኽብረትኩም ፍለጡ። ብሰንኪ ዜጋጥም ሕማም ብዝሒ ብኲራት ምስዝህሉ፡ ንለበዳ'ዚ መልከፍቲ ንምቍጽጻር፡ እዚ ዚስዕብ ስጒምታት ኪውሰድ ንላቦ፥

- ኲሎም ሰራሕተኛታትን ተማሃሮን ኣብ ዚሓምሉ እዋን፡ ካብ ገዛ ንኺይወጹ ምትብባዕ።
- ውልቀሰባት፡ ምልክታት ኮቪድ-19ን ኢንፍሉወንሳን ምስዝህልዎም፡ መርመራ ከምዝገብሩ ምግባር
- ግቡእ ስነ-ስርዓት ኣስተነፋፍሳን ሕጽቦ-ኢድን ኪግበር ምትብባዕ።
- ኲሎም ሰራሕተኛታትን ተማሃሮን፡ ክልቲኡ ክታበታት ኮቪድ-19ን ኢንፍሉወንሳን ንኺወስዱ ምትብባዕ።

ብዛዕባ ኣንፈት መልከፍቲ ኮቪድ-19 ዚምልከት እዋናዊ ሓበሬታ ንኽትረኽቡ፡ ኣብዚ ሊንክ ጠውቑ።

ቅድሚ ምዝዛምና፡ ነቲ ኣብ 8 መስከረም ጋንታ Druid Hills High ምስ Dunwoody High ክትጋጠም ዝነበረ ጸወታ ብምስራዝናን፡ ኣብ 9 መስከረም ኣብ ስታድዩም ኣዳም (Adam's stadium) ንኽጸወታ ምትሕልላፍናን ብልቢ ይቕሬታ ንሓትት። ነቶም ኣብቲ ጸወታ ዝሳተፉ ኣትሌታት፡ ተማሃሮ፡ ኣሰልጠንትን ስድራቤታትን ከምጽኦ ዝኽእል ጓህን ረበሻን ንግንዘብ ኢና፣ እንተኾነ ግን፡ ከም ኣውራጃ መጠን፡ ኣብ መደባት ዳኛታት ቀጽጽር ከምዘይንገብር ክትርድኡ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ድማ ብGeorgia High School Associationዚወጸ መደብ እዩ።

ከምዚ ዚኣመሰለ ስረዛን ምስግጋርን ዕለታት ጸወታ ኣብ መጻኢ ንኸየጋጥም፡ ምስ'ቶም ኣብዚ ጒዳይ ዚሳተፉ ኲሎም ወገናት ኣበርቲዕና ንሰርሕ ኣሎና። ሽቶና፥ ኲሎም ተሳተፍትን ተዓዘብትን ናይቲ እነካይዶ መደባት ኣትሌቲክስ፡ ጸገም ዘይብሉን ባህ ዜብልን ግዜ ከምዘሕልፉ ምግባር እዩ። በቲ ዝሰዓበ ዝኾነ ዓይነት ጸገም ብልቢ ንሓዝን፣ ስለዝተረዳእክሙና ድማ ነመስግን።

ስለቲ ንኣብያተ-ትምህርትና፡ ተማሃሮ፡ ሰራሕተኛታትን ኮምን ንምድጋፍ ዝገበርክሙዎ ኲሉ ስራሕ ነመስግን። ሓጐስ ዚመልኦን ውጽኢታውን ሰሙን ይግበረልኩም!